# መጻኢና ንኽጽብቕ ሓድነትና ይደልድል

ብበላይ መስፍን ጀርመን

ዝኸበርኩም ህዝቢ ኤርትራ ከመይ ቀኒኹም፡ ከምቲ ብረታዊ ቃልሲ ንነጻነት ዘይድየብ ጸድፍን ዘይውዳእ ዓቐበትን መሲሉ ዝርኤ ዝነበረ፡ እዚ ሓርነታዊ ቃልሲ እውን ምስቲ ዘሎ መሪርን ህዝብና ዘጨንቕ ዘሎ ኩነታትን፡ ኣዝዩ ነዊሕን ኣድካምን ኮይኑ ጸኒሑን ኣሎን፡ ይኹን እምበር እቲ ንኹነታትና ዘጋድድን ንመገዲ ዓወትና ዘናውሕን ካብ ባዕልና ኢዩ ፡ ነቲ ተሪር ጎደና ቃልሲ ሓድነትና ኣደልዲልና ኣይሓዝናዮን፡ ክንዋጠጥ ምድሪ ይዓርብ ኣሎ፡ ውራዩ ጥራይ ኣይገበርናን ኣብ ቃልሲ ካኣ ኣታሃላልዋና እንተዘይ ኣዓሪና፡ ህዝቢ ይኹን ሃገር ከነድሕን እነካይዶ ዘለና ቃልሲ ክነውሕ እዩ።

ኢዚ እንተተረዲእና ኩሉ እቲ ሽግራት ተወዲኡ ኣብ ራህዋ ክብጻሕ ኢዩ፡ ከምቲ ኣቦታትና ሳኣን ዘተ ዓድና ተዘምተ ኢሎም ዝምስልዎ፡ ሳኣን ንሽግራትና ብሓባር ኮፍ ኢልና ብምዝታይ መፍትሒ ምድላይ ኢዩ ሽግርና ክሳዕ ሎሚ ከይተፈትሐ ጸኒሑ ሕጂ ግን እቲ ከይንዝቲ ዝኽልክለና ዝነበረ ክውንነት ስለ እተሰግረ ካብ ሎሚ ንድሓር ህዝቢ ኤርትራ ጉዳዩ ንምፍታሕ ዘተ ከም መፍትሕ ሽግሩ ጌሩ እንተ ተጠቒሙሉ ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ ዓወትና ከነቃላጥፍ ንኽእል ኢና።

እቲ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ ከሎ እኳ ከይተረፈ ብዝክኣሎ ጾምን ጸሎትን ወሲኹ ፅለታዊ ኩነታቱን ዝኾነ ይኹን ዘጋጥሞ ንዝነበረ ሽግራትን ብስምምዕ ዘትዩ እናፈትሐ ብሰላም ኣብ ዘዝነብሮ ኣካባብታትን ዓድታትን ዝምርሓሉን ዝምሓደረሉን ዝነበረ ኣገባብ ዘተ እውን ካብ ነዊሕ ተሓሪሙዎ ጸኒሑ ኢዩ፡ ይኹን እምበር ኩነታት ሓደ ሃገር ኣብቲ ናይ መሰረቱ ማለት ኣብቲ ዝነበሮ ከይተመልሰ ነባሪ ሰላም ኣውሒስካ ናብ ምፅብልና ከተምርሕ ስለ ዘይክኣል ሎሚ ህዝቢ ነቲ እቶም ክፅንቀፍዎ ዝጸንሑ ኩነታት እናኣለለዮም ክመጽእ ስለ ጸንሐ መዓልቦ ንኽገብረሎም ክዝቲ ጅሚሩ ኣሎ።

እኒሀ ድሮ ብመገዲ ሃገራዊ ዋፅላ ንሓርነታዊ ቃልሱ ጥዑይ ኣንፈት ብምትሓዝ ሽግራቱ ንምፍታሕ ተዋፊሩ ይርከብ፡ በቲ ዋፅላ ዝተመዘዙ ምእንቲ ህዝቦምን ሃገሮምን ዝሰርሑ ውፉይት ድግድጊት ተዓጢቖም ይሰርሑ ኣለው፡ ብርግጽ ድማ ኣብቲ ዘድሊ ከብጽሕዎ ምኳኖም ዘጠራጥር ኣይኮነን፡ መገዲ ቃልሲ እንተተዓርዩን፡ ሓድነት ህዝቢ እንተ ደልዲሉን እቲ ዓወት ብፍጹም ጊዜ ኣይክወስድን ኢዩ፡ ንቓልሲ መላእ ህዝቢ ብፅግበት እንተሒዙዎ ተዓዋቲ ኢዩ፡ ህዝብና ከምኡ ንኽይገብር ማልት ከምቲ ብጊዜ ብረታዊ ቃልሲ ብሙሉኡ ንኽይቃለስ ግን እቲ ጉፅሆ ብጌጋታት እተመልኤ ስለ ዝነበረን ከምቲ ኩሉ እተጸበዮ ስለ ዘይኮነን እዚ ኹሉ ተቓሊካ ለከ ይኽሰር ኢዩ ኣብ ዝብል መደምደምታ ስለ ዝወደቐ ካብ ተሳትፎ ቦኺሩ።

ናይ ስልጣን ቃልሲ ኣዋጊኡና ኢዩ፡ ውጽኢት ናይቲ እተኻየደ ውግእ ድማ እዚ ሕጂ ኮንናዮ ዘለና ኢዩ፡ ሃገር ወዲቓ ህዝቢ ዘይምሱል መሲሉ፡ ምዓልቦ ስኢኑ ካኣ ካብ ማዓልቲ ናብ ማዓልቲ ሓደ ድሕሪ ሓደ ቁጽሪ ዘይብሉ ህዝቢ ይጠፍእ ኣሎ፡ እዚ እናኾነ ግን ከምቲ ሰቡኡትን ከም ዓይበት ይቕደዱ እዛ ማእምንንከ ጥራጥ ተራእዩዋ ዝብልዎ፡ ህዝብን ብኸመይ እቲ ሽገር መወዳእታ ተረኺቡዎ ህዝብና ይቖስንን ሃገር ካኣ ትድሕንን ኣብ ዝብል ኣትዩ መገዲ ከናዲ ላዕሊ ታሕቲ ይብል ገለ ድማ ፋሕ ንምባል ድግድጊት ተዓጢቖም ግደፉ ኣይትሓዙኒ ዝገብሮ ኣለኒ ክብሉ ክትሰምዕ ከለኻ ዘገርም ኢዩ።

ብዝኾነ እቲ ዝሓለፈ ሓሊፉ እንድዩ፡ ሕጂ ካብ ተሞክሮና ተማሂርና ክንገብሮ ዘለና እንተፈሊጥና'ውን ጽቡቕን ኩልና ኡፈየ ክንብለሉ ኣብ እንኽእል ምፅራፍ ከብጽሕ ዝኽእልን ኢዩ፡ ስለ'ዚ ነዚ ናይ ኣቦታትና ዝነበረ ሎሚ ከምብሓዲሽ ጀሚርናዮ ዘለና ኣገባብ ቃልሲ ናይ ኣፈታትሓ ሽግር ህዝቢ ኤርትራ ዘተ ኢዩ ኮይኑ ዘሎ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ንነዊሕ ጊዜ ዘጋጥሞ ንዝ ነበረ ኣሸጋሪ ኩነታት ሳኣን ዘተ ክሰግሮም ከይካኣለ ጸንሑ ኢዩ፡ እሞ ሕጂ ካልእ ሃለውለው ገዲፍና ብዘተ ሽግርና ንፍታሕ።

ሽግርና ንፍታሕ ማለት ሽግር ናይ ዝተወሰኑ ይፈታሕ እቶም ገሊኦም ባዕሎም ይፈልጡ ማለት ኣይኮነን፡ ናይ መላእ ህዝቢ ኤርጥራ ሽግር ይፈታሕ ማለት ኢዩ፡ ድሕሪ ሕጂ ሓለፈ ዘላፍ ዝኾነ ኣፈታትሓ የለን፡ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ኩሉ ኣስላማይ ክቕስን ኢዩ፡ ክስታናይ ክቐስን ኢዩ፡ ኩናማ ክቐስን ኢዩ፡ ዓፋር ክቐስን ኢዩ ህዝቢ ቢለን ክቐስን ኢዩ፡ ህዝቢ ኣከለ ጉዛይ ክቐስን ኢዩ፡ ህዝቢ ሰራየ ክቐስን ኢዩ፡ ህዝቢ ሓማሴን ክቐስን ኢዩ ኮታ ኩሉ ኤርትራዊ ምሉእ ብምሉእ ክቐስን ኢዩ።

ብሓጺሩ እቲ ቀንዲ ኣብ ቅሳነት ከሳግር ዘይክኣለ ህዝቢ ኤርትራ ብሓባር ኮይኑ ሽግራቱ ክፈትሕ ኾፍ ስለዘይበለ ጥራይ ኢዩ እምበር ካብ ኩሉ ዓለሙ በታሓሳሰባ ስለ ዝተሓተ፡ ንነገራት ዘይርድኦ ስለ ዝኾነ ኣይኮነን በዚ ኢዩ ካኣ እቲ ህዝብና ዘሳቒ ዘሎ ጉጅለ ዋፅላ ተገብረት ማለት ህዝቢ ኤርትራ ነጻ ወጸ ማለት ኢዩ፡ ከሲርና ኢና ደጊም ከም ድላይና ንገብሮ ኤርትራዊ የለን ካብ ዝብል እቲ ጉጅለ ልቡ ጠፊኡዎ ዘሎ።

ገለ ካብቲ ንህዝብና ከይዝቲ ዘየኽእሎ ዝነበረ ኩነታት ንምጥቃስ ፡ እታ እንግሊዛውያን ሓሳባቱ መዝሚዞም ከመይ ጌሮም ክገድፍዎ ከም ዘለዎም ብምሕሳብ ዝኸፈቱሉ ኣፍደገ ናይ ፖለቲካ፡ ንእርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብፈደረሽን ቀሪኖም ምስ

ገደፍዋን ነቲ ሓያል ዓቕሚ ኤርትራውያን ሚዛን ምስወሰዱሉን፡ ኤርትራውያን ብቑሉዕ ብፖለቲካ ክዋሰኡ ከም ዘይብሎም ተጌሩ፡ ይኹን እምበር ኤርትራውያን ነቲ ኩነታት ብምስጢር ብማሕበር ሽውዓተ ተወዲቦም ብምቅላስ በዲሆምዎ መስዋእቲ እናኸፈሉ ድማ ናብ ብረታዊ ቃልሲ ኣሰጋጊሮምዎ ኢዮም።

ግን ዕድል ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ ነዚ ኹሉ ሰጊርና ፡ ኣብ ዘምጻናያ ሃገር እውን ብነጻ ተዋሲእና ኩነታትና ከነማዕሪ ዕድል ኣይረኸብናን፡ እዚ ኩሉ እናተቓለስና ከለና፡ ሕብር ኢልና ሽግራትና ንምውጋድ ዘየኽእለና ዘሎ ዋና ነገር እንታይ እዩ ንዝብል እምብኣር እቲ ዝነበረ ዋዕላ ከይንገብር ዝኽልክል ኩንታት ብቐሊሉ ክሰዓር ዝኽእል ኣይነበረን፡ እዚ ካኣ እቶም ህዝብና ረጊጾም ዝጸንሑ ባዕዳውያን ገዛእቲ ይኹኑ እዞም ዘለው፡ እዚ ህዝቢ እዚ እሂን ምሂን ክብሃሃል እንተዳኣ ኣፍቂድካሉ ኣይካኣልን ኢዩ ኢሎም ስለ ዝሓሰቡ፡ ብጉዳዩ ክዝተ ፍቓደም ኣይኮነን ወይ ኣይፈቐዱሉን።

ኩልና ከም ንዝክሮ እቶም ለባማት ወለድና፡ ኣብ ጊዜ ብረታዊ ቃልሲ ሓድነት ተበላሽዩ ምስ ረኣዩ እንታይ እሞ ሓድነት እንዶ ዘይብልኩም ኮንኩም እናበሉ ሓዘኖም ይገልጹን እዚ ንዳሕራዩ ክጎድኣና ኢዩ እናበሉ ይመኽሩን የስምዑን ከም ዝነበሩ ዝዝከር ኢዩ፡ ኣብ ርእሲ'ውን ብዙሓት ለባማትን ምሁራትን ተጋደልቲ ኣብ ኣሕዋትና ኣይንትኩን፡ ንጸላኢ ካብ ሃገርና ከነውጽእን ህዝብና ካብ መግዛእቲ ከነድሕንን ዳኣ ኢና ዝወጻእና እምበር፡ ነንሕድሕድና ክንቃተል ምኣስ ወጺና ኢሎም ክሳዕ መስዋእቲ ከፊሎም ኢዮም፡ እቲ ውግእ ሓድሕድ ብኣዘዝቲ እምበር ብድላይ ህዝቢ ዝተፈጸመ ኣይኮነን።

ይኹን እምበር መስ ደገዝማቲ መን ተማግዋቲ ኮይኑ፡እቶም ለባማት ኣቦታት ይኹኑ፡ እቶም ባሃራት ተጋደልቲ ሰማዒ እዝኒ ኣይረኸቡን፡ እንሀ ድማ እቲ ኩነታት ከምቲ ጠርጠራ ኣቐሚጠምሉ ዝነበሩ ኮይኑ፡እቲ ሽግር ጌና ሱር ሰዲዱ ይሳቐየና ኣሎ ምኽሪ ሓድሕድ ንሰምዕ እንተንኸውን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዘተ ንኣምን እንተ ንኸውን ግን፡ ኣብ ሽግር ኣይምወደቕናን፡ ሳኣን ኢሂን ምሂን ተባሃሂልካ ብኣግኡ የጋጥም ንዝነበረ ሽግር ምፍታሕ ጌና ኣብ ሽግር ንነብር ኣለና።

ስለ'ዚ ብሓጺሩ ንኤርትራውያን ክንዝቲ ዘኽእል ኩነታት ምብጻሕ ጥራይ ዓቢ ስጉምቲ ንቕድሚ ኢዩ፡ ንኺዳን ድማ ንጉዳይ ሃገር ምስ ህዝቢ ኮንካ ኢዩ ዝፍታሕ ኢሎም ብምእማኖምን ምስ ህዝቢ ኮይኖም ፍታሕ ክደልዩ ብምውሳኖምን ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ ብዙሕ ከም ዝማዕበሉን ሽግር ናይ ህዝቦም ከም ዘለለዩን ኣመስኪሮም ኢዮም፡ ምኽንያቱ እቲ ካብ ናይ ባዕዳውያን መግዛእቲ ጀሚሩ ንህዝብና ብሓባር ዘትዩ ጉዳዩ ንኽይፈትሕ ትሓሪሙዎ ዝነበረ መሰል ዘተ ከም ዝሰገር ብምግባሮም ታሪኽ ሰሪሖም ኢዮም።

ህዝብና ካኣ ነቲ ኩነታት ባዕሉ ምስ ሓዞ ብዝቐልጠፈ ጊዜ ኣብ'ቲ ዘድሊ ምዕራፍ ከም ዘብጽሖን፡ ሽግር ህዝቢ ኤርትራ ነበረ ከም ዝኸውንን ርግጽ ኢዩ፡ መሰረት ናይቲ ሽግር እንተፈሊጥና፡ ካብቲ ዘሎ ሽግር ክንላቐቕ ኢና፡ ሕማምካ እንተ ፈሊጥካ ፈውሱ ቀረባ ኢዩ፡ ገዛኢ እኮ ኣብ ሃገርና ይለን ሳኣን ምዕብልና ባዕልና ኣሳርን ተኣሳርን፡ ቀታልን ተቐታልን ኼና ኢና ኣብ ስቓይ ንነብር ዘለና፡ ህዝቢ ኤርትራ እንተ ተራዳዲኡ ኣብ ሓንቲ ደቒቕ ዝፍታሕ እዩ ሽግሩ።

ኣብ'ዚ ካብ 31 ሓምለ ጀሚሩ ዝተገብረ ሃገራዊ ዋዕላ ንማንም ኤርትራዊ፡ ንምንታይ ብብሄር፡ ንምንታይ ብኣውራጃ ንም ንታይከ ብሃይማኖት ትዛረብ ወይ ትሓስብ ከይበለን፡ ዝኾነ ይኹን ናብ ኣሉታዊ ኣንፈት ዘምርሕ ወይ ዘጋጩ ሓሳባት ንኽ ይልዓል ብጥንቃቐ ተሓላልዩ ከምቲ ኣቦታትና ተኸባቢሮም ዝውድእዎ ዝነበሩ ዋዕላ ጌሩ ወዲኡዎ፡ እዚ መርኣያ ናይቲ ጽቡቕ ልምዲ ናይ ኣቦታትናን ናይቲ ብቓልስና ከነዕቁቦ እንደሊ ሰላምን ርግኣትን ዘለና ጽቡቕ ድልየትን ኢዩ።

ክምኡ'ውን ህዝብና በቲ ኩሉ ዘሕለፎ ግጉይ ተሞክሮታት ተማሂሩ ንድሕነት ህዝቡን ሃገሩን ብንቕሓት ጠጠው ኢሉ ከም ዘሎ ዘርኢ ናይ ጣዕሳ ምልክት ኢዩ፡ ህዝቢ ድሕሪ ሕጂ ክፈልጣ ዘለዎ መድሕን ነብሱ ባዕሉ ዳኣ እምበር ካብ እዚኦም እባ ካብ እዚኦም እባ ክኸውን የብሉን ብተሳትፎ ናይ ኩልኻ ዝመጸ ጥራይ ኢዩ ንኹልኻ ዝኸውን፡ ስለ'ዚ ዋዕላ ብምድጋፍን ምእንቲ ድሕነት ህዝብኻ ኣበርቲዕካ ምስራሕን ሎሚ ናይ ኩሉ ደላይ ሰላም ክኸውን ኣለዎ፡ ህዝብና ገለ ነገር ካባና ይጽበ ኣሎ።

እቲ ሓቂ ካኣ ተጻዋዊርካን ተኻኣኢልካን ነቲ ስርዓት ንምውዳቕ ዘኽእለካ ዓቕምታት ኣደልዲልካ፡ ነቲ ስርዓት ክትኣሊ ምኽ ኣል እምበር ካላእ ዘሳሓሕብ የለን፡ ከምኡ'ውን ነጻ ምስ ኮንና፡ ከነዐርዮ ዘይንኽእል የለን፡ እቲ ዝረግጸና ዘሎ ሓይሊ ንኣይ እንተ ኣሊኹም ክትጠፍኡ ኢኹም፡ ክትበታተኑ ኢኹም እናበለ ብዝነዝሐ ኣብ ደምና ምጥርጣር ፈጢሩልና ኣሎ፡ እዚ ግን ናይ ኩሎም ኣብ ስልጣን ክጸንሑ ዝደልዩ መለኽቲ ስልቲ ኢዩ።

ኩሎም ኣብ ዓለም ዝሓለፉ ዲክታቶራት፡ ተማሳሳሊ ስልቲ ናይ ኣታሓሕዛ ኢዩ ዘለዎም፡ እቲ ኣብ ትሕቲኦም ዝርገጽ ህዝቢ እውን ትልኽ ዝብል ትንፋስ ዘይብሉ ስቕ ኢሉ ዝርገጽ ህዝቢ ኢዩ ዝመስል፡ ንነገራት ፈላሊኻ ከም ሓቁ ክትርእዮ ከለኻ ግን ከምኡ ኣይኮነን፡ ዲክታቶራት እቲ ስልጣኖም ንምሕላው ዝጠላልፍዎ ናይ ስለላ መርበብ ብርቱዕ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ህዝቢ

በብዘለዎ ናይ ነብሰ ምክልኻል ጥበብ ኣማፅቢሉ ነብሱ ኣብ ምክልኻል ትራይ እዩ ዝጽመድ፡ ሓልዮት ህዝቢ ዝጎደሎ መሲሉ'ውን ይርኤ፡ ምክንያቱ ካብ ነብሱ ክከላኸለሉ ዝኽእል ጥበብ ንላፅሊ ሓይሊ ይኹን ሜላ ስለ ዘይብሉ።

ስለ'ዚ ህዝብና ስቕ እሉ ዝርገጽ ዘሎ ግዳይ ውልቀ መላኺ ኮይኑ ክርኣየና ይብሉን፡ መድሎ ክሳፅ ዝረክብ ግን ከምኡ ኢዩ ዝመስል፡ ይኹን እምበር እቲ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ይኹን ኣብ ውሽጢ ኮይኑ ዝቃለስ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ይጻላሎ ምኺኑ ክንርስፅ የብልናን ከምኡ'ውን ዝኾኑ ውልቀ መለኽቲ ፅድመ ስልጣኖም ንምንዋሕ ዝጥቀሙላ ሓያል ስልቲ ኣላቶም፡ ንሳ ካኣ ንዝኾነ ዝቃወም ሓይሊ ነንሕድሕዱ ብምብልላፅን ሰሊኾም ኣብ ውሽጡ ኣትዮም ናይ ምብትታን ጥበብ ኣላቶም።

ኣብዚ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዘተግብረ ናይ ኤርትራውያን ዋፅላ ዝተራእየ ልቦናን ክእለትን፡ ክም ጀመርቲ ናይቲ ንነዊሕ ጊዜ ንህዝብና ተሓሪሙዎ ዝነበረ መኣዲ ዘተ ጌርካ ክትርእዮ ከለኻ ዋፅላ ዝንኣድን ጥበብ ዝመልኦን ኢዩ ኔሩ፡ እታ ነቲ ጉባኤ ንምክያድ ዝተመርጸት ኣካያዲት ሽማግለ ከም ዝግባእ ስርሓ ስለ ዝፈጸመትን እቶም ተጋባእቲ ብዲሲፕሊን ስለ እተገዝኡን፡ እቲ ጉባኤ ብዘይ ሸንኮለል ብጽቡቕ ተወዲኡ።

ስለ'ዚ ኩልና ኤርትራውያን ብዛፅባ ሕጊ ዝሰፈናን፡ መሰል ኩሉ ብማፅረ ዝኸብረላን ሃገር ክትህልወና ድኣ እናዘተና ህዝብና፡ ኣብ ምድሓን ጥራይ ዘትኮረ ጥዑይ ቃልሲ ክነካይድ ንሕሰብ እምበር ናይ ስልጣን ቅድድም'ሲ ጊዜኡ ጌና ኢዩ ህዝብን ሃገርን ድሕሪ ምድሓን ኢዩ፡ ሕጂ ግን የታሓታትት ኢዩ ጊዜኡ ኣይኮነን ብረታዊ ቃልስና ሳኣን እናዘተኻ ሃገር ንምግባር ትቃለስ፡ ሓደ ንሓደ ኣጥፊኡ ክነግስ ብምድላይ ኣብ ናይ ስልጣን ውድድር ኣቲኻ፡ ተላኻኺምካን ሃገር ለኪምካን፡ ሳዓሪን ተሳዓሪን ኮንካ ምእታው ፍርኡ ተራእዩ እዩ፡ ብምንም ትኣምር ካኣ ከምኡን ንእኡ ዝመስልን፡ ሕዱር ሕማም ንወሎዶታት ዝገድፍ ታሪኽ ዝደግም ኤርትራዊ የለን፡ ንዝመጽእ እውን ኣይክህሉን ኢዩ።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብፅ ዘሎ ህዝብና